

# መንግስትነት ፣ መረፃን ሉኣላውነት ህዝቢን

ውድብ ፣ መንግስቲ ፣ ህዝቢ

ኣኽሱማዊያን ሚዲያ

መስከረም 2019 ዓ/ም

መሰረታዊ ስነ-ሓሳባት

# ትሕዝቶ

መእተዊ: ኣድላይነት እዚ ሰነድ ... 3
ክፋል ሓደ: ሃገረ-መንግስቲ እንታይ እዩ? ... 4
ክፋል ክልተ: ንፅረት ኣብ እንታይነት መንግስቲ ፣ ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ)ን ፖለቲካዊ ውድባትን ... 6
ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ) ... 6
መንግስቲ/ምምሕዳር ... 7
ፖለቲካዊ ውድባት ... 7
ክፋል ሰለስተ: ህዝባዊ ትካላት ንምንታይ የገድሱ? ... 9
ሕገ-መንግስታዊ ስልጣንን ሓላፍነት ኣካላት መንግስቲ ... 11
ሕጊ መውፅኢ (ቤት-ምኽሪ) ... 11
ሕጊ ፈፃሚ (መንግስቲ) ... 11
ሕጊ ተርጓሚ (ቤት-ፍርዲ) ... 11
ምፍላይ ስልጣንን ኣካላት መንግስቲን ተሓታትነትን (ሕገ መንግስታዊ ስነ-መጐት) ... 12
ምፍልላይ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት መንግስቲ (ክልል ፣ ወረዳ ፣ ጣብያ) ... 13
ክፋል ኣርባዕተ: ሲቪክ ማሕበራት ፣ ሚዲያ ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን መንገስቲን ... 14
1. መንግስቲ ... 14
2. ፖለቲካዊ ውድባት ... 15
3. ሲቪክ ማሕበራት ... 15
4. ዘይመንግስታዊ ትካላት ... 16
5. ሚዲያ ... 16
ክፋል ሓሙሽተ: ውክልና ህዝቢን መረፃን ... 20
ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ) ብጭቡጥ እንታይ እዩ ስርሖም? ... 22
መረፃታት እንታይ ኣይኮኑን? ... 24
ሕጊታትን መትከላትን መረፃ ኣብ ኢትዮጲያ ... 24
መሰል ምድማፅን ምውድዳርን ... 24
ቐንዲ መትከላት ስርዓት መረፃ ... 25
ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጲያ ... 26
ክፋል ሽዱሽተ: ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ) ተፀዋዕነቶምን ተሓታትነቶምን ንመን እዩ? ... 27
ተሓታትነት እነረጋግፀሎም መንገዲታት ... 29
ዜጋታት ንመረፃ ሕፁያት ተወዳደርቲ ከቕርብዎም ዝግብኡ ሕቶታት ... 30
ክፋል ሸውዓተ: ቅቡል መንግስቲን ድሕረ-ኩናት ሕውየትን ኣብ ትግራይ ... 32
ቅቡልነቱ ዝተሸርሸረ (ሙሽሙሽ) መንግስትነት ንትግራይ ክሳብ ሕዚ እንታይ ዋጋ ኣኽፊልዋ? ... 33
ምቛም ህዝባዊ ቅቡልነት ዘለዎ መንግስቲ ከመይ ነዚ ኹሉ ከዐርዮ ይኽእል? ... 33
ክፋል ሸሞንተ: ሓደነኛ ኣረኣእያታት ... 35
ክፋል ትሽዓተ: ዜጋታት እንታይ ክጠልቡ ኣለዎም ... 36
ክፋል ዓሰርተ: ፖለቲካ ኩዕሶ ፀወታ ኣይኮነን ... 37
መወከኢ ፅሑፋት ... 39

**መንግስትነት ፣ ስልጣን ፣ መረፃን ውክልና ህዝቢን: መሰረታዊ ስነ-ሓሳባት**

©ኣኽሱማዊያን ሚዲያ

2019 ዓ/ም


## መእተዊ: ኣድላይነት እዚ ሰነድ

ትግራይ ሕዚ ኣብ ኣዝዩ ወሳኒ ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ኣላ። ሕዚ ድሕሪ ኣዝዩ መዕነዊ ፣ ማሕበረሰባዊ ስንባደ ፣ መጠነ ሰፊሕ ምምዝባል ህዘቢን ውድቀት ትካላትን እቲ ክልል ምስቲ መሪር ሓቂ ፊት-ንፊት ክጋፈጥ ይግደድ ኣሎ ፤ ዝኾነ ማሕበረሰን ብዘይ ቅቡልነት ዘለዎ መንግስቲ ክፅግን ይኹን ክሓዊ ኣይኽእልን። ሰብኣዊ ሓገዛት ንግዚኡ ቃንዛ የዐግሱ ይኾኑ እዮም። ህዝባዊ ዓመፅ እውን ወራር ክዓግት ይኽእል ይኸውን። ብሓቂ ትካላት መሊሱ ክሃንፅ ዝኽእል ፣ ፍትሒ መሊሱ ከስፍን ዝኽእል ፣ ግዝኣት ዓደ'ቦ ከውሕስ ዝኽእል ፣ ኢሉ እውን ነቲ ህዝቢ ካብቲ ኣብቶም ሕሉፋት ናይ ቀረባ ዓመታት ዝረኣናዮ ዓይነት ህልቂት ብዘላቕነትን ውሑሱን መንገዲ ከቕርይ ዝኽእል ብህዝቢ ዝተመረፀን ቅቡልነትን ተሓታትነትን ዘለዎ ህዝባዊ ምሕደራ/መንግስትነት ጥራሕ እዩ።

እዙይ ሰነድ ኹሉ ክፋል ማሕበረሰብና ብቐሊሉ ክርድኦ ብዝኽእል ኣገባብ መሰረታዊ ርድኢት ቁልፊ ዛዕባታት ፖለቲካዊ ስርዓት ፣ መንግስቲ ፣ መንግስትነት ፣ ስልጣን ፣ መረፃን ውክልና ህዝቢን...ወዘተ. ከጨብጥ ብምሕሳብ ዝተዳለወ እዩ። ዒላምኡ እቲ ሰፊሕ ህዝቢ እምበር ልሂቃን ኣይኮኑን። ዕላምኡ ቀሊል ግን ኣገዳሲ እዩ ፤ መንግስቲ ከመይ ይሰርሕ ፣ ሃገረ-መንግስቲ እንታይ እዩ ፣ ፖለቲካዊ ውድባት እንታይ እየን ፣ መረፃታት ንምንታይ ይካየዱን ኣገደስቲ ይኾኑን ፣ ዜጋታት ከመይ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝዓተሩ መራሕቶም ተሓተትቲ ክገብሩ ይኽእሉ ዝብሉ ፍረ-ነገራት ቅልል ብዝበለን ኩሉ ብዝርድኦን ቛንቛ ንምብርህራህ ዝተዳለወ እዩ። ምኽንያቱ ኣብዞም ቁልፊ ዛዕባታት እዚኦም ነቲ ሰፊሕ ህዝቢ (መራፃይ) መሰረታዊ ርድኢት ከየጨበጥካ ዝካየድ መረፃ ናይ ጎደና ምርኢት ካብ ምዃን ዝሓልፍ ትርጉም ይኹን ረብሓ ስለዘይብሉ። ብግልባጡ ዝሓሸ ርድኢት ሒዝካ ዝካየዱ መረፃታት ግን ቀንዲ መሳርሒ ሓበራዊ ህልውና (collective survival) እዮም ዝኾኑ። ናይዚ ሰነድ ዕላማ እውን ንሱ ምስኻዕ እዩ።

ድኹም ፖለቲካዊ ንቕሓት/ርድኢት ኩልሻዕ ህዝቢ ዘጎድእን መፃኢ ዕደሉ ዝዕንፅልን ፤ ብግልባጡ ድማ ውሑዳት በለፀኛታት ዝጠቅምን እዩ። ፖለቲካዊ ንቕሓት (political literacy) ሓይሊ ካብ ኢድ ውሑዳት መንዚዕኻ ኣውፂእኻ ናብ ኢድ ህዝቢ እተርክበሉ ጥሉል መስርሕ እዩ።

## ክፋል ሓደ: ሃገረ-መንግስቲ እንታይ እዩ?




ሃገረ-መንግስቲ (ዓዲ) ዝኾነ ሓደ መራሒ ፣ ውድብ ወይ መንግስቲ ማለት ኣይኮነን። ሃገረ-መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውሱን (ፍሉጥ ወሰን ዘለዎ) ግዝኣትን ሓበራዊ ስርዓትን ዝነብር ህዝቢ ቐዋሚ ፖለቲካዊ ትካል እዩ።

ኩሎም ናይዚ ዘመንና ሃገረ-መንግስታት (ዓዲታት) ሓሙሽተ ቀንዲ ባእታታት ኣማሊኦም ዝሓዙ እዮም ወይ ክኾኑ ኣለዎም:-

1. **ግዝኣት** - ፍሉጥ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ/ዶብ፤
2. **ህዝቢ** - ኣብኡ ዝነብር ህዝቢ፤
3. **መንግስቲ** - ነቲ ህዝቢ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት/ስልጣን ኣፍልጦ ዘለዎ ምምሕዳር፤
4. **ትካላት** - ኣብያተ-ፍርዲ ፣ ትካላት ምምሕዳር ህዝቢ ፣ ትካላት ፀጥታ ፣ ትካላት ቁጠባን ፋይናንስን፤

5. **ቅቡልነት** - ህዝባዊን ዓለም-ለኻዊን ተቐባልነት እቲ ምምሕዳር/መንግስቲ።





*Figure 1ቐንዲ ባእታታት ሃገረ-መንግስቲ (ዓዲ)*

እቲ ሃገረ-መንግስቲ ንኹሉ ማዕረ እዩ ዝብፅሖ ፤ ናይ ኹሉ ህዝቢ ናይ ሓባር ንብረት እዩ። መንግስታት ሓለፍቲ እዮም። ውድባት እውን ይመፁ ይኸዱ ፤ ብውድድር እንዳተቐያየሩ ናብ ስልጣን ይድይቡን ይወርዱን። እታ ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ) ግን ቐዋሚን ዘይሻራዊን ኾይና እያ ትቕፅል።

እታ ዓዲ (ትግራይ) ከም ገዛኹም ሕሰብዋ። መንግስታት/ምምሕዳራት ነቲ ገዛ ንዝተገደበ እዋን ክኣልዩ/ከመሓድሩ ዝተቆፀሩ ስራሕ-መካየድቲ እዮም። ስርሖም እንዳተራእየ ይሸወሙ ፣ ይወርዱ ፤ ውዕሎም ይናዋሕ ወይ ይቋረፅ። ነቲ ስራሕ መካየዲ ክትኣልይ ኢልካ ነቲ ገዛ ምቕፃል ነቲ ስድራ ብሙልኡ ጎደና ሓደር ምግባር እዩ ዝኸውን።

ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ) እንትወድቕ ወይ ኣብ ኢድ ውሑዳት ወዲቑ መገልገሊ ህዝቢ ምኳኑ ቕርዩ መፈፀሚ ፀቢብ ረብሓ ጉጅለኦም እንትኸውን ፤ ማሕበረሰብ ናብ ሕንፍሽፍሽ ፣ ዓመፅን ዕግርግርን የምርሕ ፣ ሕጊ ኣልቦነትን ፍርሒን ይነግስ።

## ክፋል ክልተ: ንፅረት ኣብ እንታይነት መንግስቲ ፣ ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ)ን ፖለቲካዊ ውድባትን




### ዓዲ (ሃገረ-መንግስቲ)

- ቐዋሚ እዩ።
- ሓበራዊ ጥሪት/ንብረት ኩሉ ዜጋ እዩ።
- ኣብያተ-ፍርዲ ፣ ትካላት ህዝባዊ ግልጋሎት ፣ ሓበራዊ ሃፍትታትን ፀጋታትን ዓዲ ፣ ትካላት ፀጥታ የጠቓልል።

## መንግስቲ/ምምሕዳር

- ግዚያዊ/ተቐያያሪ እዩ።
- ብመረፃ ፣ ድልየት ህዝቢን ሕጋዊ መስርሕን ናብ ስልጣን ይድይብ።
- ኣብ ክንዲ እቲ ህዝቢ ኮይኑ ብውክልና ነታ ዓዲ የመሓድር።
- ትሕቲ ሕጊ ኮይኑን ንሕጊ ተገዛኣይ ኮይኑን ክንቀሳቐስ ኣለዎ።

## ፖለቲካዊ ውድባት

- ሰባት ብፍቓዶም ዘጣይሸወን ትካላት እየን።
- ንመንግስታዊ ስልጣን ይነሓነሓ።
- ዝተፈላለዩ ረብሓታትን ስነ-ሓሳባትን ይውክላ።
- ነቲ ዓዲ ብግዚያዊነትን ብውክልናን ከመሓድርዎ እምበር ክውንንዎ ኣይኽእሉን ፤ ዋንነቱ ናይ ህዝቢ ስለዝኾነ።





*Figure 2 ርክብ ሃገረ-መንግስቲ ፣ መንግስቲን ውድብን*

ጥዕና ዘለዎ ፖለቲካዊ ስርዓት ግልፂ ዶባት እዩ ዘቐምጥ። ሓደ ውድብ ንኣብያተ-ፍርዲ ፣ ትካላት ፀጥታን ትካላት ህዝባዊ ግልጋሎትን ክቆፃፀር ምስ ዝጅምር ዴሞክራሲ ብሰላሕታ ምቕሃም/ምሟት ይጅምር።

ከምቲ ሓደ ማክስ ዌበር ዝበሃል ፍሉጥ ምሁር ፖለቲካ ዝብሎ ቅቡልነት መንግስታዊ ስልጣን ብፍቓድ ህዝቢ እምበር ብጉልበትን ጉዕፀፃን ክረጋገፅ ኣይኽእልን። ካብ ፍቓድን ድልየትን ህዝቢ ወፃእ ብሓይሊ ህልውንኡ ከቐፅል ዝፍትን ስርዓት ናይ መዓልቲ ጉዳይ እምበር ወዳቓይ እዩ ፤ ኣወዳድቕኡ እውን ኣይፅብቕን።

## ክፋል ሰለስተ: ህዝባዊ ትካላት ንምንታይ የገድሱ?




ትካላት ንህዝቢ ካብ ናይ ስልጣን ብልሽውና የድሕኑ። ጠንካራ ትካላት ምህናፅ ማለት ብቐጥታ ትርጉሙ ተገመትቲ ዝኾኑ መስርሓት ምዝርጋሕ ፣ ማዕረ ኣተሓሕዛን ተጠቃምነትን ዜጋታት ምርግጋፅ ፣ ርግኣት ፣ ቅሳነትን ሓድነትን ህዝቢ ምውሓስ ማለት እዩ።

ቁልፊ ህዝባዊ ትካላት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ:-

- **ፈፃሚ ኣካል** - ሕግታትን ፖሊሲታትን የፈፅም
- **ቤት ምኽሪ** - ህዝቢ ይውክልን ሕግታት/ፖሊሲታት የውፅእን
- **ፍትሒ ኣካል** - ሕጊ ይትርጉምን ፍትሒ የስፍን/የረጋግፅን
- **መረፃ ትካላት** - ናፃን ፍትሓዊን መረፃ ክካየድ ይገብሩ
- **ግልጋሎት ህዝቢ** - መሰረታዊ ድልየታት ህዝቢ ምምላእ ዝዓለመ ፣ ቐፃልነት ዘለዎን ሙያ መሰረት ዝገበረን ግልጋሎት የቕርቡ

- **ፀጥታ መሓውራት** - ድሕንነት ዜጋታት የውሕሱን ካብ ሓደጋ ይከላኸሉን ፤ መራሕቲን ሰበ-ስልጣንን ኣይኮነን

እዚኦም ድማ ብሓፈሻ ኣብ ሰለስተ መሓውራት መንግስቲ ይጥርነፉ: ሕጊ መውፅኢ ፣ ሕጊ ፈፃሚን ሕጊ ተርጓሚን።





*Figure 3 ቐልፊ ኣካላት መንግስቲ*

ኩሎም ነናይ ባዕልቶም ዝተገደበ ስልጣን ፣ ስራሕን ሓላፍነትን ኣለዎም ፤ ዝኾነ ሓደ ትካል ነቶም ካልኦት ክዕብልል ኣይግብኦን። መንግስታዊ ስልጣን ካብ ብዝበዘን ብልሸውናን ንኽድሕን ናይ ግድን ናብዞም ትካላት እዚኦም ክከፋፈልን ክብተንን ኣለዎ። ሓደ ትካል በይኑ ልዕሊ ዓቐን ስልጣን ኣብ ኢዱ እንድሕር ተኣኪቡ ውልቀ-መላኽነት እዩ ዝወልድ። ሓደ ኣካል/መሓውር መንግስቲ በይኑ ብብሕታውነት ሕጊ ፣ ናይ ምግዳድ/ወታሃደራዊ ሓይሊን ገንዘብን እንትቆፃፀር ምልኪ እዩ ዝውለድ።

# ሕገ-መንግስታዊ ስልጣንን ሓላፍነት ኣካላት መንግስቲ

## ሕጊ መውፅኢ (ቤት-ምኽሪ)

ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጲያ:-

- ሕጊ ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣብ ኢድ በቢብርኩ ዘለዋ ኣብያተ-ምኽሪ ዝዓረፈ እዩ።
- ቤት-ምኽሪ እዞም ዝስዕቡ ናይ ምግባር ስልጣን ኣለዎ:
    - ምፅዳቕን ምምሕያሽን ሕጊታት፤
    - በጀት ምፅዳቕ፤
    - ንትካላት መንግስቲ (ፈፀምቲ) ምቁፅፃር ፤
    - ስልጣንን መሓውርን ኣብያተ-ፍርዲ ምውሳንን ላዕለዎት ዳይኑ ምሻምን።

ብሓፂሩ ቤት-ምኽሪ ሕጊ የውፅእ ፣ ዕለታዊ ተግባራት መንግስቲ ይቆፃፀርን በጀት/ሃፍቲ ህዝቢ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕለሉ ኣገባብ ይውስንን ኣብ መዓልኡ ምውዓሉ ይቆፃፀርን።

## ሕጊ ፈፃሚ (መንግስቲ)

- ሕጊታት ናብ መሬት ናይ ምውራድን ናይ ምፍፃመን ተግባር በቲ መንግስቲ ኢልና ንፅውዖ ሕጊ ፈፃሚ እዩ ዝውገን ፤ ብቐዳማይ ሚኒስቴር ወይ ፕሬዝዳንትን ካቢኔኡን ድማ ይምራሕ።
- እቲ ነቲ መንግስቲ ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ቐዳማይ ሚኒስተር ወይ ፕሬዝደንት በቲ መረፃ ዝሰዓረ ገዛኢ ውድብ ተሓፅዩ ብኣባላት ተወከልቲ ህዝቢ (ቤት-ምኽሪ) ይሹወም/ስልጣኑ ይፀድቕ።
- እቲ ሕጊ ፈፃሚ ቅርንጫፍ መንግስቲ ሕጊታት የተግብር ፣ ፖሊሲታት ናብ ስራሕ የውዕል ፣ ህዝቢ የመሓድርን ብመሓውራቱን ትካላቱን ኣቢሉ ግልጋሎት ህዝቢ ይህብን።


እዙይ ማለት ብሓፂሩ እቲ ሕጊ ፈፃሚ ኣካል ዕለታዊ ናይ መንግስቲ ስራሕቲን ግልጋሎታትን ናይ ምውጋንን ብኣብያተ-ምኽሪታት ዝወፁ ሕግታት ተግባራዊ ናይ ምግባር/ምፍፃምን ስልጣንን ሓላፍነትን እዩ ዘለዎ።

## ሕጊ ተርጓሚ (ቤት-ፍርዲ)

- ፍርዲ ናይ ምሃብ ስልጣን ብብርኪ ፌደራልን ክልልን ኣብ ዝርከባ ነፃ ኣብያተ ፍርዲ ኢድ ዝወድቕ እዩ።

- ኣብያተ-ፍርዲ ካብ ኢድ ኣእታውነትን ፅዕንቶን ካልኦት ጨናፍር መንግስቲ ናፃ ክኾና ይግብኦን።
- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌደራል ናይታ ዓዲ እቲ ዝለዓለ ቤት-ፍርዲ ስለዝኾነ ብቶም ካልኦት ኣብያተ-ፍርዲታት ዝፍፀሙ መሰረታዊ ሕጋዊ ጌጋታት ክእርም ይኽእል እዩ።
- ዳያኑ ናፃነቶም ንምሕላው ኣብ ትሕቲ ፅኑዕ ቅድመ-ኩነት ጥራይ እዮም ካብ ሓላፍነቶም ክእለዩ ዝኽእሉ ፤ ካብ ስግኣት ናፃ ኾይኖም ስርሖም ክሰርሑ ስለዝግባእ።

ክጠቓለል እንከሎ ኣብያተ-ፍርዲ ፍርዲ ክፍቡ ዝግብኦም ሕጊ ተኸቲሎም ጥራሕ እዩ ፤ ካብ ፅዕንቶ መንግስቲ ፣ ውድብ ይኹን ሰበ-ስልጣን ናፃ ክግበሩ ኣለዎም።




## ምፍላይ ስልጣንን ኣካላት መንግስቲን ተሓታትነትን (ሕገ መንግስታዊ ስነ-መጐት)

- ሕጊ ናይ ምውፃእ ፣ ሕጊ ምፍፃምን ፍርዲ ናይ ምሃብ/ምትርጓምን ስልጣን ኣብ ኢድ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ተበቲኑ ክቕመጥ ኣለዎ ፤ ሓዲኡ ነቲ ኻልእ ክጉዕፅፆ ብዘይኽእል መንገዲ ሚዛናዊ

ብዝኾነ ኣገባብ ተበታቲኑ። ሓደ ኣካል ንኹሉ ነገር ክቆፃፀሮ ብፍፁም ክፍቀደሉ ኣይግባእን ፤ ምኽንያቱ ምልካዊ ስርዓት ስለ ዝወልድ።

- ቤት-ምኽሪ ሕግታት የውፅእ ፣ ፈፃሚ ኣካል የፈፅሞም ፣ ቤት-ፍርዲ ድማ ይትርጉሞ - ሕድሕዶም ነኒባዕሎም ሓደ ነቲ ኻልእ ይከታተሉ ፣ ይቆፃፀሩን ይምርምሩን።

## ምፍልላይ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት መንግስቲ (ክልል ፣ ወረዳ ፣ ጣብያ)

| ብርኪ | ሕጊ ፈፃሚ (ካቢነ) | ሕጊ መውፅኢ (ቤት-ምኽሪ) | ሕጊ ተርጓሚ (ኣብያተ-ፍርዲ) |
|---|---|---|---|
| **ክልል** | ክልላዊ ምምሕዳር ክልላዊ ሕግታትን ፖሊሲታትን የተግብር | ክልላዊ ቤት-ምኽሪ ክልላዊ ሕጊታት የውፅእ/የፅድቕ ፣ በጀት የፅድቕ ፣ ነቲ ሕጊ ፈፃሚ ይቆፃፀር | ክልላዊ ኣብያተ-ፍርዲ ሕጊ ይትርጉማን መሰል ዜጋታት ክረጋገፅ/ክሕሎ ይገብራን |
| **ወረዳ** | ወረዳ ምምሕዳር ህዝባዊ ግልጋሎታት ይህብን ካብ ላዕሊ ዝወርዱ (ክልላዊን ሃገራዊን) ፖሊሲታት የፈፅምን | ወረዳ ቤት-ምኽሪ ትልሚታትን በጀትን የፅድቕ ፣ ምሕደሩኡ/ኣፈፃፅምኡ ይከታተል | ወረዳ ኣብያተ-ፍርዲ ብዝተውሃቦም ስልጣን ገደብ ልክዕ ንእስ ዝበሉ ሕጋዊ መዝገባት ይርእዩ |
| **ጣብያ** | ጣብያ ምምሕዳር ዕለታዊ ማሕበረሰባዊ ዋኒናት ብቐረባ ኾይኑ ይርእይ/ይፈትሕ | ጣብያ ቤት-ምኽሪ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ንነባሪ እቲ ጣብያ ይውክል ፣ ሕቶታት/ጠለባት እቶም ነበርቲ የቕርብን ትልሚታት የፅድቕን | ማሕበራዊ ኣብያተ-ፍርዲ ቀለልቲ ዕለታዊ ጎንጺታት ይፈትሑ ፣ ሕጊ የኽብሩ |

እቲ ሓደ ኢድካ በይኑ ኩለን ካራታት ጠቕሊሉ ክሕዘን ክትፈቕደሉ ኣይግባእን። ዜጋታት ውሕሰነኦም ክረጋገፅን ብስልጣን ምብዕላግን ጠጠው ክብል እንተድኣኾይኑ ስልጣን ክበታተን ኣለዎ።

## ክፋል ኣርባዕተ: ሲቪክ ማሕበራት ፣ ሚዲያ ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን መንገስቲን

ኣርሒቐ ዝሓስብ ጥዑይ ማሕበረሰብ ህልውንኡን መፃኢኡን ኣብ መንግስቲ ጥራሕ ክንጥልጠል ኣይፈቅድን። ኣብ ናብርኡ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ (ሲቪክ ማሕበራት ፣ ሚዲያ ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ፣ ፖለቲካዊ ውድባትን መንገስቲን) ዝተፈላለዩ ነናይ ባዕልቶም ብፅሒታት ክፃወቱ ዝገብር ማሕበረሰብ ጥራሕ እዩ ርሑቕ ክጓዓዝ ዝኽእል። እዞም ብፅሒታት እቶም ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ/ትካላት ምስ ዝተሓዋወሱን ብሓዲኡ ዝዕምረሩን እዩ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓደ ኣካል ምውህላል ፣ ምጥፋእ ተሓታትነት ፣ ምሽርሻር እምነት ዜጋታት ዝበሃሉ ፀገማት ክቀላቐሉ ዝጅምሩ።

ኣብዞም ተዋሳእቲ እዚኦም ዘሎ ኣፈላላይን ኣድላይነቶምን ብንፁር ምፍላይ ንዜጋታት ብዙሕ ረብሓ እዩ ዝህብ:-

- ንመን ክትወቅስን ክተድንቕን ከምዘለካ ብንፁር ትፈልጥ፤
- ሲቪክ ቦታኻ ከይድፈር ብዝግባእ ትከላኸል፤
- መንግስቲን ዓዲን ብዝኾነ ሓደ ኣካል ከይጭወዩ ክትከላኸል ዕድል ትረክብ።

### 1. መንግስቲ

**ብፅሒት:-** ዝተወሃቦ ህዝባዊ ናይ ውክልና ስልጣን ተጠቒሙ ህዝቢ የመሓድር።

**እንታይ ይገብር:-**

- ሕጊ የውፅእን የፈፅምን
- ህዝባዊ ግልጋሎት የቐርብ
- ሃፍቲን ፀጋታትን ህዝቢ የዋህልል ፣ የሰስንን የመሓድርን
- ነታ ክልል/ህዝቢ ብዕሊ ይውክል

**እንታይ ክገብር የብሉን:-**

- ከም ፖለቲካዊ ውድብ ክዋሳእ ወይ መሳርሒ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ክኸውን የብሉን።

- ሚዲያን ሲቪክ ማሕበራትን ክቆፃፀር ይኹን ኣብ ምንቅስቓሰን ጣልቃ ክኣትው ክፍትን የብሉን።
- ንሓደ ዝኾነ ጉጅለ ወይ ኣተሓሳስባ ብፍሉይ ተገዛኣይ ክኸውን የብሉን።

መንግስቲ ናይ ኩሉ ዜጋ እዩ ፤ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ገዛኢ ውድብ መን እዩ ብዘየግድስ።

## 2. ፖለቲካዊ ውድባት

**ብፅሒት:-** ናብ መረፃ ቐሪበን ንፖለቲካዊ ስልጣን ይወዳደራ።

**እንታይ ይገብራ:-**

- ሓሳባተን ፣ ፕሮግራመንን መራሕተንን ንህዝቢ የቕርባ
- ድጋፍ የተኣኻኽባ
- መንግስቲ ክኾና ወይ ፅዕንቶ ክፈጥራ ይፅዕራ

**እንታይ ክገብራ የብለንን:-**

- ሃገራዊ/ህዝባዊ ትካላት ተኪኣን ክሰርሓ ክፍትና የብለንን።
- ሚዲያ ፣ ኣብያተ-ፍርዲን ሲቪክ ማሕበራትን ክቆፃፀራ/ኣብ ስራሕተን ጣልቃ ክኣትዋ ክፍትና የብለንን።
- ህዝባዊ ሃፍቲ ንውድባዊ ስራሕቲ/ዕላማታት ከውዕላ የብለንን።

## 3. ሲቪክ ማሕበራት

**ብፅሒት:-** ንዜጋታት/ማሕበረሰብ ኣብ ዙርያ ሓበራዊ ረብሓታት/ጉዳያት ብሓድነት ክዓስል የተሓባብራ።

**ኣብነታት:-**

- ሓፋሽ ማሕበራት
- መናእሰይን ደቂ-ኣንስትዮን ውዳበታት
- ሙያዊ ማሕበራት
- እምነት መሰረት ዝገበሩ ማሕበራት

**እንታይ ይገብራ:-**

- ንምኽባር መሰላትን ማሕበረሰባዊ ድልየታትን ይጉስጉሳ
- ዜጋታት የምህራን የንቅሓን
- ባህሪ መንግስቲ ይከታተላን ክእረም ይሰርሓን
- ድምፂ ህዝቢ ይኾና (ብፍላይ ትኹረት ንዝስኣኑ ኣብ ፀገም ዘለው ክፋላት ማሕበረሰብ)

ሲቪክ ማሕበራት ለውጢን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢን እምበር ስልጣን ኣየቋምታን።

## 4. ዘይመንግስታዊ ትካላት

**ብፅሒት:-** ህዝባዊ ግልጋሎት ምቕራብ ፣ ማሕበረሰብ ምሕጋዝን ናም ምልማዕ መሰሉ ክማልኣሉ ምስራሕን።

**እንታይ ይገብራ:-**

- ሰብኣዊን ልምዓታዊን ሓገዛት የቕርባ
- ኣብ ምጥንኻር ዘፈራት ትምህርቲ ፣ ጥዕና ፣ ህንፀት ሰላምን ምሕደራን ይሕግዛ
- መንግስቲ ኢድ ኣብ ዝሓፀሮ ዘፈራት ክፍተት ይመልኣ

**እንታይ ክገብራ የብለንን:-**

- ከም ፖለቲካዊ ውድብ ምውሳእ
- ንህዝባዊ መንግስቲ ተኪአን ክሰርሓ ምፍታን
- ሕቡእ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ሒዝካ ምንቅስቓስ

ዘይመንገሰታዊ ትካላት ህዝቢ ይሕግዛ እምበር ኣየመሓድራን።

## 5. ሚዲያ

**ብፅሒት:-** ንማሕበረሰብ ሓበሬታ የብፅሓን ተሓታትነት ዘለዎ መንግስታዊ ምሕደራ ክህሉ ይሰርሓ።

**እንታይ ይገብራ:-**

- ሓቂታትን ፍፃመታትን የቃልዓ

- ዘይግቡእ/ስሑት ኣካይዳታት ፈልፊለን የውፅኣን ንህዝቢ ክቃልዑ ይገብራን
- ሓሳባት ክንሸራሸሩ መድረኽ ይፈጥራ
- ብዙሓት ድምፅታት ክጋውሑ ይገብራ

**እንታይ ክገብራ የብለንን:-**


- ናይ መንግስቲ ወይ ሓደ ውድብ ኣፍ/ፕሮፖጋንዳ ማሽን ኮይነን ከገልግላ የብለንን።
- ግጉይ ሓበሬታ ክፍንዋ/ከስፋሕፍሓ የብለንን።
- ፅልኢን ዓመፅን ከለዓዕላ የብለንን።

ናፃ ሚዲያ ናይ ዓዲን መንግስቲን ፀላኢ ወይ ሓደጋ ኣይኮነን ፤ ጋሻ/መኸታ ህዝቢ እዩ።

እቲ ኣብ መንጎ እዞም ተዋሳእቲ እዚኦም ዘሎ ሓፁር ንምንታይ ኣድልዩ ፤ ምኽንያቱ:-

- ውድብ ንመንግስቲ ምቁፅፃር
- መንግስቲ ንሚዲያ ምቁፅፃር
- ዘይመንግስታዊ ትካላት መሳርሒ ፖለቲካ ምኻን
- ሲቪክ ማሕበራት ሱቕ ምባል እንተጀሚረን…

ዴሞክራሲ ብሰላሕታ ይቕህም። ጠንካራ ማሕረሰባት እቶም ዶባት ኩልሻዕ ተሓልዮም ክኸዱን ከይደፋፍኡን እዮም ዝገብሩ ፤ ሚስጢር ምዕባለን ቅሳነትን መብዛሕትኦም ህዝቢታት ንሱ እዩ።




| ተዋሳኢ | ብፅሒት | ፖለቲካዊ ስልጣን የድልዮ ዶ? |
|---|---|---|
| **መንግስቲ** | የመሓድር | እወ ፤ ብግዚያዊነት |
| **ፖለቲካዊ ውድብ** | ንስልጣን ይነሓናሕ | እወ |
| **ሲቪክ ማሕበር** | ይጉስጉስ | ኣይፋል |
| **ዘይመንግስታዊ ትካል** | የገልግሉን ይሕግዙን | ኣይፋል |
| **ሚዲያ** | ይሕብሩን ይከታተሉን | ኣይፋል |

ዴሞክራሲ ሓደ ትካል ኣይጠልብን ፤ ብዙሓት ትካላት በብፅሒቶም ወሲዶም ዝዋስኡሉ ሓደ ስርዓት እምበር።

***መንግስቲ*** *የመሓድር*

***ፖለቲካዊ ውድባት*** *ንስልጣን ይነሓንሓ*

***ሲቪክ ማሕበራት*** *ህዝቢ የተሓባብራ*

***ዘይመንግስታዊ ትካላት*** *ህዘቢ ይሕግዛ*

***ሚዲያ*** *ይሕብርን የቃልዕን*

***ኩሎም ሰስርሖም ብኣግባቡ ክሰርሑ እንከለው ማሕበረሰብ ንቕድሚት ይምርሽ።***

***እቲ ሓደ ነቶም ካልኦት ክዕምርሮም እነትሙክር ኩሉ ህዝቢ ይጉዳእ።***

## ክፋል ሓሙሽተ: ውክልና ህዝቢን መረፃን




*Figure 4 መረፃ ከም ውዕሊ*

መረፃ ካብ መራሕቲ ብሓልዮት ዝወሃብ ውህብቶ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ እቶም ዜጋታትን መንግስቲ ንምኺን ዝወዳደሩ ውዳበታትን ውዕል ዝእሰረሎም መድረኻት እዮም። ናይ ፖለቲካዊ ምሕደራ ውዕል።

**ብመረፃ ኣቢሎም:** ዜጋታት ሉኣላዊ ስልጣኖም ንውሱን እዋን ነቲ ናብ ስልጣን ዝድይብ ውድብ ብውክልና ኣሕሊፎም ይህቡ - መራሕቲ ስልጣን መንግስቲ ዝሕዙሉ ቅቡልነት ይረኽቡ - መንግስታት ንፍርዲ ህዝቢ ይቐርቡን ተሓታትነቶም የረጋግፁን።

## *ናይ ምድማፅን ምውድዳርን መሰልካ/ኪ*

### *ሕገ-መንግስቲ እንታይ ይብል?*

*ኩሉ ዜጋ ኣብ ሓበራዊ ዕጭኡ ዝውስኑ መድረኻት ባዕሉ ብቐጥታ ወይ ብተወከልቱ ኣቢሉ ብማዕርነት ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ።*

### *እዙይ ንዓኻ/ኺ እንታይ ማለት እዩ?*

*ዕድመኻ/ኺ ልዕሊ 18 እንተኾይኑ ናይ ምምራፅ መሰል ኣለካ/ኪ።*

*ድምፅኻ/ኺ ብናፅነትን ብሚስጢርን ዝተውሃበ ክኸውን ይግባእ ፤ ምስ ኩሉ መራፃይ ማዕረ ዋጋ ኣለዎ።*

*ብዘይፍቓድካ/ኪ ማንም ሰብ ንዝኾነ ኣካል ድምፂ ክትህብ ክገድደካ ኣይኽእልን ፤ ኣድሚፅካ ተባሂሉ እውን ኣይትቕፃዕን።*

### *ቐንዲ መትከላት*

## ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ) ብጨቡጥ እንታይ እዩ ስርሖም?




*Figure 5 ስራሕን ስልጣንን ቤት-ምኽሪ*

ኣብ እዋን መረፃ ናብ ውድድር ቀሪቦም ናብ ከባቢያዊ ይኹን ሃገራዊ ናይ ኣብያተ ምኽሪ ወንበር ብህዝቢ ድምፂ ተመሪፆም ዝኣትው ተወከልቲ ህዝቢ ንሹሙ ኣብቲ ናይ ቤት-ምኽሪታት ወንበር ኮፍ ክብሉ ኣይኮኑን ዝሕረዩ፤ ተቖፂሮም ዝወሃቡዎም ኣብቲ ሓሙሽተ ዓመት ናይ መንግስትነት ዕድመ ክሰርሕዎም ዝግብእዎም ስራሕቲን ሓላፍነታትን ኣለውዎም እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ቀንዲ ከምዝስዕብ ምዝርዛር ይከኣል:-

- **ሕጊ ምውፃእ** - ዕለታዊ መነባብሮና ዝመርሑን ዝገንሑን ሕግታት እኹል ምይይጥን ክርክርን ብምግባር ከም ኣድላይነቱ የርቅቑ ፣ የውድቑ ፣ የመሓይሹን የፅድቑን።
- **ምፅዳቕ በጀት** - ናይ ህዝቢ በጀትን ሃፍትን ዝእከበሉን ኣብ ስራሕ ዝውዕለሉን ኣገባብ ይውስኑን ኣፈፃፅምኡ ይከታተሉን።

- **ክትትልን ገምጋምን** - ነቲ ፈፃሚ ኣካል መንግስቲን መሓውራቱን ይከታተሉ፣ ይሓትቱ፣ ኣግባብ ዘይብሉ ናይ ስልጣን ኣጠቓቕማ ከይህሉ ይምርምሩን መብራርሂን መአረምታን ክወሃብን ይገብሩ።
- **ውክልና** - ናይቲ ዝመረፆም ህዝቢ ሕቶታትን ጠለባትን ብከባቢያዊ ፣ ክልላዊን ሃገራዊን መንግስታዊ መሓውራት ብርኪ ክልዓሉ፣ ትኹረት ክረኽቡን መፍትሒ ክወሃቦምን ይሓትቱ።
- **ምስ መራፃይ ህዘቦም ይመያየጡን ሓሳባቱ የድምፁን** - መደበኛ መደብ ሒዞም ምስ ዝመረፆም ህዝቢ ይራኸቡ ፣ ይመያየጡ ፣ ይመኻኸሩ ፣ ሓሳባቱ ይሰምዑን ዝልዓሉ ሕቶታትን ቅሬታታትን እዋናዊን ግቡእን ምላሽ ክረኽቡ ይሰርሑ።





*Figure 6 ስራሕ ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ)*

እዙይ ኩሉ ኣብቲ ዝተመረፁሉ ዕድመ ስልጣኖም ብመደበኛነት ክፍፅሙዎ ዝግባእ ዕዮ እዩ ፤ ግቡእ እዩ ውዕለታ ኣይኮነን። ተወከልቲ ህዝቢ እዞም ስራሕቲ እዚኦም ብኣግባቡ ምውጋን እንትስእኑ ዜጋታት ድሕንነቶም ፣ መሰሎምን ረብሐኦምን ኣብ ሓደጋ ይኣተው። ካብ ዓዶምን መንግስቶምን ክረኽብዎ ዝግብኦም ግልጋሎት ብኣግባቡ ከይረኸቡ ይቐርዩ።

### መረፃታት እንታይ ኣይኮኑን?

- መረፃታት ንውድባዊ ተኣማንነት ዝቐርቡ ሽልማታት ኣይኮኑን፤
- መረፃታት ውልቃዊ ወይ ዓሌታዊ ዝምድና መረጋገፂ መድረኻት ኣይኮኑን፤
- መረፃታት ንሹሙ ዝግበሩ ናይ ጎደና ምርኢታት ኣይኮኑን።

እኹል ርድኢትን ግንዛበን ከይጨበጥካ ዝግበር ናይ መረፃ ተሳትፎ ሓደገኛ እዩ። ኣንፃር ረብሓን ድልየትን ህዝቢ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ቅቡል ንኽመስልን ዕድሙኡ ንኽናዋሕን ምኽንያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዝሓሸ ርድኢትን ንቕሓትን ዘለዎም ዜጋታት ሒዝካ ዝግበሩ መረፃታት ግን ስልጣን ብዘይኣግባብ ናይ ምጥቃም ሽውሃት እዮም ዝዓፅው ፤ ንህፀት ዴሞክራዊያዊን ፍትሓዊን ስርዓት እውን ሰረት የንፅፉ።

ድምፂ ምሃብ ውሳነ እምበር ንሓደ ውድብ ዘለካ ተኣማንነት ኣይገልፅን። ኣብ እዋን መረፃ እንህቦ ድምፂ ንመፃኢ ዓመታት መን ከመሓድረና ከምእንደልይ እንውስነሉ እዩ። ኣብ ህይመትና ዓብይ ፅዕንቶ ከምፅእን መፃኢና ዝውስንን ውሳነ እዩ ፤ ስለዚ ብጥንቃቐ ፣ ብንቕሓት ፣ ብምኽንያትን ብውነን ክግበር ይግባእ።

## ሕጊታትን መትከላትን መረፃ ኣብ ኢትዮጲያ

### መሰል ምድማፅን ምውድዳርን

ኩሉ ሰብ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ:

- ኣብ ኩሎም ንማሕበረሰብ ዝምልከቱ ሓበራዊ ጉዳያት ብቐጥታ ባዕሎም ወይ ብተወከልቶም ኣቢሎም ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም።
- ዕድሚኡ 18 ምስ መልአ ኣብ መረፃ ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎ።
- ኣብ ዝኾነ ብርኪ መንግስቲ (ንክልላዊ ይኹን ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ) ንወንበር ክወዳደርን ክምረፅን መሰል ኣለዎ።
- መረፃታት ንኹሉ ዜጋ ክፍቲን ብማዕርነት  ዘተኣናግዱን ክኾኑ ኣለዎም ፤ መረፅቲ ድምፆም ብናፃነት ኣብ ሚስጢራዊ ሳንዱቕ/ኮሮጆ ከእትው ክግበር ኣለዎ።

እዙይ ማለት ኩሉ ሓፋሽ (ኩሎም ዜጋታት) ኣብ ዝካየዱ መረፃታት ብሙሉእ ናፃነት ፣ ብማዕርነትን ዝኾነ ዓይነት ምፍርራሕ ይኹን ሽቑረራ ከይበፅሖም ክሳተፉን ከድምፁ ይኹን ክወዳደሩ ይግባእ።

## *ንመረፃ ሕጋዊ ዝገብሮ እንታይ እዩ?*

***ብመሰረት ሕጊ መረፃ ኢትዮጲያ ፤ መረፃ ክኸውን ዘለዎ:-***

*ናፃ*

*ፍትሓዊ*

*ኣብ እዋኑ ዝካየድ*

*ንኹሉ ዕድመኡ ዝኣኸለ ዜጋ ብማዕረ ክፍቲ*

*ድምፂ ብሚስጢር ዝወሃበሉ*

***እዙይ ንዓኻ/ኺ እንታይ ማለት እዩ?***

*መረፃ ስለዝተኻየደ ጥራሕ ቅቡልን ሕጋዊን እዩ ማለት ኣይኮነን።*

*ቅቡል ዝኸውን ዜጋታት ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ፍርሒ ፣ ምሽቑራርን ፅቕጢን ብናፅነት ከድምፁ ዝኽእል*

### **ቑንዲ መትከላት ስርዓት መረፃ**

ኣብ ሙሉእ ዓለም ይኹን ኣብ ኢትዮጲያ ወይ እውን ትግራይ መረፃ ኩልሻዕ እዞም ዝስዕቡ መትከላት ተኸቢሮም እዩ ክካየድ ዝግብኦ ፤ እንተዘይኮይኑ ተኣማንነት ስለዘይህልዎ:-

- መረፃ ኣብ ናፃ ፣ ቑጥተኛን ማዕረን ስርዓት ድምፂ ኣወሃህባ ተመስሪቱ እዩ ክካየድ ዘለዎ።
- ድምፂ ኣወሃህባ ኩልሻዕ ሚስጢራዊ ክኸውን ኣለዎ።
- ንዝሰርሖ ገበን ከም ቅፅዓት ኾይኑ ብቤት-ፍርዲ ተበይኑሉ ብሕጊ ብዕሊ ክሳዕ ዘየተኣገደ ዝኾነ ዜጋ ኣብ መረፃ ከይሳተፍ ክኽልከል ኣይኽእልን።
- ኩሎም ድምፂታት ማዕረ ዋጋ ይህልዎም ፤ ከም ሓደ ድመፂ ጥታይ ይቑፀሩ።

ስለዚ ናይ ኩሉ ሰብ ድምፂ ብማዕረ ዓይኒ እዩ ዝርአን ከም ሓደ ድምፂ ጥራሕ ይቑፀርን ፤ ማሕበረ-ቁጠባዊ ይኹን ፖለቲካዊ ኩነታት እቲ ድምፂ ወሃባይ ሰብ ብዘየግድስ። ናይ ኩሉ ሰብ/መራፃይ ድምፂ ማዕረ ዋጋ ኣለዋ ፤ ከም ሓንቲ ድምፂ ጥራሕ ትቑፀር። ከምኡ ንምግባር ዝፈቅድ ግልፂ ናይ ቤት-ፍርዲ ትእዛዝ ክሳዕ ዘየለ ፤ ዝኾነ ሰብ ብዘይፍቓዱ/ብሓይሊ ክመርፅ ይኹን ከይመርፅ ክግደድ ኣይግብኦን።

## *ኣብ ኢትኢዮጲያ ንመረፃ መን የመሓድሮ/ይመርሖ?*

### *እቲ ሕጊ ዘጣየሾ ትካል*

*ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጲያ ዝተብሃለ ዘይሸራዊ ክኸውን ትፅቢት ዝግበረሉ ትካል ጥራሕ እዩ መረፃታት ከካየድን ክመርሕን ስልጣን ዘለዎ።*

*ሕጋዊ ስልጣኑን ሓላፍነታቱን*

*መረፅቲ ምምዝጋብ*

*ፖለቲካዊ ውድባትን ሕፁያት ተወዳደርቲን ምምዝጋብ*

*ናይ መረፃ ጣብያታት ምጥያሽ*

*ድምፂ ቆፂሩ ውፅኢታት ዕላዊ ምግባር*

*ቅሬታታት ምስማዕን ምእላይን*

### *እዙይ ንዓኻ/ኺ እንታይ ማለት እዩ?*

*ዝኾነ መንግስታዊ መሓውር ይኹን ገዛኢ ውድብ ንመረፃ ክቆፃፀሮ ኣይግባእን።*

*ዘይሸራዊ ትካል እዩ ክውግኖ ዘለዎ።*

## ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጲያ

ኣብቲ ናይታ ዓዲ ሕገ-መንገሰቲ ኾነ ንዕዑ መሰረት ገይሮም ዝወፅኡ ካልኦት ናይ መረፃ ኣዋጃት ብግልፂ ከም ዝተቐመጠ:-

- ካብ ዝኾነ ይኹን መሓውር መንግስቲ ኢድ ኣእታውነት ናፃ ኾይኑ ሕግታት መረፃ ዘመሓድርን ዘተግብርን ናፃ ኣካል መረፃ ክጣየሽ ኣለዎ።
- ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጲያ (ወይ ተመጣጣኒ ሕጋዊ ስልጣን ዝተውሃቦ ኮሚሽን) እዞም ዝስዕቡ ምስ መረፃ ምትእስሳር ዘለዎም ንጥፈታት ብላዕለዋይነት ይመርሕ ፣ ይከታተልን ይቆፃፀርን:-
  - መረፃን ሪፈረንደምን ምክያድ፤
  - ምዝገባ መረፅቲ ፣ ምጥያሽ ናቔጣታት መረፃ ፣ ከምኡ እውን ምምዳብ መተሓባበርቲ መረፃ፤
  - ምዝገባ ውድባትን ዝርዝር ሕፁያትን፤
  - ኣብ ውፅኢት መረፃ ዝፍጠር ዘይምርድዳእ ኣመልኪትካ ውሳነ ምሃብ፤
  - ኣብ ከይዲ መረፃን ኣወሃህባ ድምፂን ዝፍፀሙ ገበናትን ጥሕሰት ኣሰራርሓን የፃርይ ፣ ይምርምርን ከም ኣድላይነቱ ክሲ ይምስርትን።

እዙይ ማለት ውፅኢት ክህልዎ እንተኾይኑ እቲ ከይዲ መረፃ ክምራሕ ዝግብኦ ብዘይሻራዊ ዳይና እዩ ፤ በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ወይ በቲ ገዛኢ ውድብ ኣይኮነን።

## ክፋል ሸዱሸተ: ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ) ተፀዋዕነቶምን ተሓታትነቶምን ንመን እዩ?

ተመረፅቲ ተወከልቲ ህዝቢ ስልጣኖም ዝፍልፍል ካብ መራፃይ ህዝቢ እዩ። ተፀዋዕነትን ተሓታትነትን ኣብ ክንዲ እቲ ዝተውሃቦም ስልጣን ብግልባጡ ነቲ ዝመረፆም ህዝቢ ዘቕርቡዎ ዋጋ እዩ። ስለዚ ተወከልቲ ህዝቢ ኩለን ኣብያተ ምኽሪ ብቐጥታን ሙሉእ-ብሙሉእን ነቲ ዝመረፆም ህዝቢ ጥራሕ እዩ ፤ ንመንግስቲ ፣ ንዝኾነ ውድብ ወይ ዝኾነ ካልእ ኣካል ኣይኮነን። እቲ መራፃይ ህዝቢ እውን እዙይ ናይ ባዕሉ ስልጣን ምዃኑ ኣዳጊጉ ክፈልጥ ይግባእ።

ስለዚ ብሓፂሩ ተወከልቲ ህዘቢ ተሓታትነቶም:-

- **ንህዝቢ** - ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ መወዳእታ ውሰነ ናይ ምሃብ ስልጣን በዓል-ዋና እዩ።
- **ንሕጊ** - ዝኾነ ሰብ ልዕሊ ሕጊ ኣይኮነን።

- **ንህሊናኦም** - ህሊናኦም ፍትሓዊን ርትዓዊን ኢሉ ንዝኣመነሉ ውሳነ።





*Figure 7 ተሓታትነት ተወከልቲ ህዝቢ*

ንዝኾነ ሓደ ውድብ ፣ መራሒ ዓዲ ፣ ዕጡቕ ሓይሊ ወይ ዘይወግዓዊ ናይ ሓይሊ ማእኸል ብፍሉይ ተፀዋዕነት ይኹን ተሓታትነት የብሎምን። ኣብ ሓደ ዓዲ እቲ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎም ኣካላት እዞም ኣብያተ-ምኽሪ እዮም ፤ ውድባት ፣ ሰራዊት ፣ ሰበ-ስልፃን ወይ ፅዕንቶ ፈጠርቲ ውልቀ-ሰባት ኣይኮኑን። ክኾኑ እውን ኣይግባእን።

## ተሓታትነት እነረጋግፀሉም መንገዲታት




*Figure 8 ሰንሰለት ተሓታትነት*

ዜጋታት እዞም ዝስዕቡ መንገዲታት በምጥቃም ተሓታትነት ኣብያተ-ምኽሪ ብቐፃልነት ከረጋግፁ ይኽእሉ እዮም:-

- መደበኛ መረፃታት
- ምስቶም ተመረፅቲ ኣባላት ቤት-ምኽሪ ዝዳለው ናይ ሕቶን መልስን መድረኻትን ምርመራታትን
- ዘይሻራዊ ኣብያተ-ፍርዲ ብምጥያሽን ስርሖም ብኣግባቡ ብናፃነት ክሰርሑ ብምግባርን
- ናፃን ሙያዊ ስነ-ምግባር ዝሓለውን ትካላት ሚዲያታት ክህልው ብምግባር
- ናፃ ትካላት ሲቪክ ማሕበረሰብ ክህልው ብምግባር
- ሰላማዊ ናይ ህዝቢ ፅዕንቶ/እምቢተኝነት ዘርእዩን ዘሐይሉን ምንቅስቓሳት ብምግባር

ሱቕታ ጮቆና እዩ ዘዋልድ ፤ ንቑሕ ተሳትፎ ድማ ናፅነት የግህድ። እዙይ ሕድሕድ ትግራዋይ ከርድኦ እንተድኣ ገይርና መፃኢና ዝሐሸ ዘይኾነሉ ዋላ ሓደ ምኽንያት የለን።

## ዜጋታት ንመረፃ ሕፁያት ተወዳደርቲ ከቕርብዎም ዝግብኡ ሕቶታት

- ኣብ ቐዳማይ ዓመት ናይ ስልጣን ዘመንካ ብጭቡጥ እንታይ ህዝባዊ ፀገማት ክትፈትሕ መደብ ኣለካ?
- ካብ ውልቃዊ ተረባሕነት ዜጋታት ብዝዘለለ ናይ ሓባር ግልጋሎት ወሃብቲ ዝኾኑ ህዝባዊ ትካላት ከመይ ክተጠናኽረን እዩ ትልምኻ?
- ኣብ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ህዝቢ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘረጋግፁ ኣሰራርሓት ኣብ ምስፋን እንታይ ክትገብር ሓሳብ ኣለካ?
- ስልጣንካ ልጓም ንምትሓዝ ካብ ዝተቐመጡ ኣሰራርሓታት ኣየንኦም ኢኻ ኣኽቢርካ ክትንቀሳቐስ?
- ቅድሚ ቀፃሊ መረፃ እዋን ምብፅሑን ብኻርዶም መሊኦም ክቐፅዑኻ ዕድል ምርካቦምን ዜጋታት ብኸመይ እዮም ንውሳነታትካ ተሓታታይ ክገብሩኻ ዝኽእሉ?

ነዞም ሕቶታት እዚኦም እኹል መልሲ ሒዙ ዘይቀረበ ሕቡይ ተወዳዳራይ መረፃ መንግስታዊ ሓላፍነት ንምሽካም (ነቲ ስራሕ) ድልው ከምዘይኮነ ተገይሩ ክውሰድ ኣለዎ።

---

## ***ተሓታትነት: መን እዩ ንመን ተሓታቲ?***

***ሕጋዊ ስነ-መጎት***

*ተወከልቲ ህዝቢ (ኣባላት ቤት-ምኽሪ) ንህዝቢ/ዜጋታት ተሓተትቲ እዮም።*

*መንግስቲ ንተወከልቲ ህዝቢ ተሓታታይ እዩ።*

*ኩሎም ንሕጊን ውሳነ ኣብያተ-ፍርዲን ተሓተትቲ እዮም።*

***እዙይ ንዓኻ/ኺ እንታይ ማለት እዩ?***

*ንመንግስቲ ብሰላማዊ መንገዲ ድላይካ ሕቶ ናይ ምቕራብ ፣ መብርሂ ናይ ምጥላብን ምንቃፍን መሰል ኣለካ/ኪ እዩ።*

*ሱቕታ ጭውነት ኣይኮነን ፤ ንተሓታትነት ቀቲሉ ምልክነት እዩ ዘዋልድ።*

---

## ክፋል ሽውዓተ: ቅቡል መንግስቲን ድሕረ-ኩናት ሕውየትን ኣብ ትግራይ





*Figure 9 ካብ ኩናት ናብ ሕውየት*

ድሕሪ ኩናት ዝህሉ ናይ ሕውየትን ዳግመ-ህንፀትን ምዕራፍ ኩላሻዕ ቴክኒካዊ ማሕለኻታት ጥራሕ ኣይኮኑን ዘለውዎ። ፖለቲካዊ እውን እዮም። ህዝቢ ከም ናሃቱ ዘይርእዮን ብልቡ ዘይተቐሎን እምነት ዘየሕደረሉን ምምሕዳር/መንግስቲ ወይ መሪሕነት ሒዝካ ዝዓነወ መንገዲ ፣ ኣብያተ-ሙህሮ ፣ ኣብያተ-ፍርዲ ፣ ኣብያተ-ጥዕና መሊስካ ክትሃንፅ ይኹን ብስርዓት ክተመሓድር ኣይትኽእልን። ኣብ ጥዑይ ፖለቲካዊ ድባብ ጥራሕ እየን ጥዑያት ትካላት ግልጋሎት ህዝቢ ክህልዋ ዝኽእላ ፤ ንሱ ድማ ጥሉል/ቅቡል ህዝባዊ መንግስቲ ምቛም ይሓትት።

## ቅቡልነቱ ዝተሸርሸረ (ሙሽሙሽ) መንግስትነት ንትግራይ ክሳብ ሕዚ እንታይ ዋጋ ኣኽፊልዋ?

ኣብ ትሕቲ ከምቲ ሕዚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ግልፅነትን ቅቡልነትን ዝጎድሎ ምምሕዳር/መንግስቲ ነዊሕ እዋን ምፅናሕ:-

- ህዝባዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብዘይ ንፁር ኣንፈትን ኣካይዳን ብደመ-ነብሲ ክጓዓዘ ይግደዳ፤
- ከይዲ ምሕደራ መሬትን ሃፍቲን ህዝቢ ንብለሽውናን ስርቂን ይቃላዕ፤
- ፍትሒ ዝንጉዕ ፣ ሻራዊ ፣ ሚዛኑ ዝሰሓተን መጥቀሚ ፖለቲካን ይኸውን፤
- ናይ ፀጥታ መሓውራት (ፖሊስ ፣ ሰራዊት) ናይ ዕዚ ሰንሰለቶም ዝተኸፋፈለ ፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘይብሉን ይኸውን ፤ ካብ ህዝባዊ ልኡኽቶኦም ወፂኦም መገልገሊ ውልቀ ሰባት/ጉጅለታት ይኾኑ፤
- ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይሊታት ዘይምትእምማን ይሰፍን ፤ ውዕላት ዘይኽበሩ ፣ ዘይትግበሩን ዘይፀንዑን እንዳኾኑ ይመፅኡ፤
- ዜጋታት ተስፋ ቆሪፆምን ተሰላችዮምን ካብ ጉዳይ ዓዶም ይኹን ካብ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ይርሕቑ ፣ ዘይምትእምማን ይዓብይ ፣ ሕምየታትን በለካ-ለኽዐካን ንሓቂ ይስዕሩ…ወዘተ.

ብሓፈሻ እቲ ህዝቢ ጠቕሊሉ ናብ ደንገርገርን ጥርጣረን እዩ ዝኣትው ፤ ስለዚ ብትኽክል ስርሑ ክሰርሕ ዝኽእል ትካል ይኹን ውዳበ ኣይህሉን። ዘይምህላው ህዝባዊ ቅቡልነት ዘለዎ ንቡር መንግስቲ ንኩሉ ዘርፊ ህይወት ሓደ ማሕበረሰብ እዩ ብጠቕላላ ዝዘርጎ። ዝኾነ ከም ደሴት ንበይኑ ዓርሱ ክኢሉ ጠጠው ክብል ወይ ክድሕን ዝኽእል ትካል የለን።

እዚኦም ቐለልቲ ጉዳያት ኣይኮኑን ፤ ዕለታዊ መነባብሮና ዝውስኑ እዮም።

## ምቛም ህዝባዊ ቅቡልነት ዘለዎ መንግስቲ ከመይ ነዚ ኹሉ ከዐርዮ ይኽእል?

ቅቡልነት ዘለዎ መንግስቲ ምስ እንምስርት:-

- ሕውየትን ዳግመ-ህንፀተን ትግራይ ዝሓሸ ውፅኢታዊነት ይህልዎን ብኽነት ሃፍቲ ንቕንስን ፤ ፀገማትና ብውን ከከም ኣገዳሲነቶም ብቕደም-ተኸተል ይውገኑ፤

- ህዝባዊ ትካላት ተኣማንነተን ይውስኽን ብሰብ-ሙያ ክምርሓ ዕድል ይረኽባን፤
- ፀጥታ ሓይልታት ግልፂ ዝኾነ ልኡኽን ናይ ዕዚ ሰንሰለትን ይህልዎም፤
- ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝግበሩ ልዝባት ፣ ድርድራትን ውዕላትን ዝሓሸ ጉልበትን ተፈፃምነትን ይህልዎም፤
- ዜጋታት ኣብ መንግስቶም እምነት ፣ ኣብ ዓዶም ተስፋ መሊሶም የሕድሩ ፤ መፃኢ ይህልዎም።

ከምቲ ሃና ኣርንት ትበሃል ፍልጥቲ ፀሓፊት እትብሎ ኣብ ህዝባዊ ቅቡልነት ዝተሰረተ መንግስትነት ዘላቕነት ዝህልዎ እንትኸውን ፤ ኣብ ፍርሒን ሽቑረራን ዝተደኮነ መንግስትነት ግን ወዳቓይ እዩ።

ህዝባዊ ቅቡልነት ዘለዎ ስርዓት ንኹሎም ፀገማትና ብሓደ ለይቲ ይፈትሕ ማለት ኣይኮነን ፤ ፀገማትና ብዘላቕነት ንኽፍትሑ ፣ ቑስሊታትና ክሓውዩን ስባርና ክፅግንን ዘኽእል ጥጡሕ ባይታ ግን ይፈጥሩ። ኩሎም ፀገማትና ሓደ ብሓደ ፍታሕ ዝረኽቡ ድማ ኣብ ከምኡ ዝኣምሰለ ዝተረጋግዐን ተገማታይን ሃዋህው ኾይንካ ጥራሕ እዩ።

## ክፋል ሸሞንተ: ሓደነኛ ኣረኣእያታት





*Figure 10 ሓቂን ግጉያት ኣተኣእያታትን*

- **ናብ ውልቀ "ብሉፃት መራሕቲ" ምቒማት** - ተሓታትነት ዘይብሉ ናይ ውልቀ መራሕቲ ጥንካረ ነዊሕ ርሕቐት ክወስደና ኣይኽእልን ፤ ድላዩ ዓቕምን ተበግሶን ይሃልዎም ውልቀ-ሰባት ከሳግሩኻ ምፅባይ መወዳእትኡ ውድቀት እዩ።
- **ንፁር ዕላማ ፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘይብሉ ሓድነት** - ሱቕ-ኢልካ ዓይንኻ ዓሚትካ ኣብ ሓደ ምእካብን ምዕሳልን ሓድነት ኣይኮነን ፤ ዕስለነት እዩ። ብዙሕ ርሕቐት ኣየጓዓዝን ፤ መወዳእትኡ ተታሒዝካ ናብ ገደል ምፅዳፍ እዩ።
- **መኸተ ንኹሉም ፀገማት መፍትሒ ገይርካ ናይ ምርኣይ ዝንባለ** - ጉልበት ፣ ኩናት ፣ መኸተ ፣ ቃልሲ ንኹሎም ፀገማት መድሓኒት ገይርካ ናይ ምውሳድ ዝንባለ ካልኦት ዝሓሹ መፍትሒታት ከይንርእይ ዝኽውልን መጥፍኢን እዩ።

- **መረፃ ዘምፅኦ ለውጢ የለን ወይ ገይፂ እዩ ኢልካ ምሕሳብ** - ምንም ለውጢ ዘየምፅእን ድከትና ዘጸትወና ዘሎም እቲ ብግልባጡ ዘሎ ግልፅነት ፣ ተሓታትነትን ቅቡልነትን ዘየረጋገፅ ኣካይዳ ምኺኑ ምርዳእ የድሊ። ኣብ ዓለምና እቶም ኣብ ዝሓሸ መነባብሮ ፣ ሰላምን ዕብየትን ዘለው ማሕበረሰባት ዳርጋ ብሙልኦም እዋኖም ሓልዮም ናፃን ፍትሓዊን መረፃታት እንዳካየዱ መንግስትነት ዘቐፅሉ እዮም። ንሕና እውን ጭራ ዝተረፍና ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። እቲ መቐይሮ ነጥቢ/ኣፈላላይ መረፃ እዩ ፣ ዴሞክራሲ እዩ ፣ ህዝባዊ ቅቡልነት ዘረጋገፀ መንግስቲ ምህናፅን ዘይምህናፅን እዩ።

## ክፋል ትሸዓተ: ዜጋታት እንታይ ክጠልቡ ኣለዎም

**ካብ ሕፁያት ተወዳደርቲ** - ግልፂ መማረፂ ፖሊሲን ፕሮግራምን ፣ ክብሪ ንህዘባዊ ትካላት ፣ ንሰላማዊ ናይ ስልጣን ሰግግር ቁርፀኝነት ፣ ንፁራት ናይ ተሓታትነት መስርሓት ።

**ካብ ዜጋታት/መረፅቲ ባዕልቶም** - ንቑሕ ተሳትፎ ፣ ምኽንያታዊ ድጋፍን ተቓውሞን ፣ ረብሓ መሰረት ዝገበረ ሕብረት ፣ ዕሙት ድጋፍን ተቓውሞን (ተኣማንነት) ምንፃግ።

ዴሞክራሲ ዓውታን ጫውጫውን ኣይኮነን ፤ ዲሲፕሊን እዩ።

***ዜግነት ቐፃልነት ዘለዎ ዕለታዊ ግቡእ እዩ***

***ዴሞክራሲ ብዛዕባ ኣብ መረፃ እዋን ምስታፍ ጥራሕ ኣይኮነን ፤ ካልኦት ዓይነት ተሳትፎታት እውን ይሓትት እዩ:-***

*ህዝባዊ ዋኒናት ብንቕሓት ምክትታል*

*መራሕቲ ተሓተትቲ ምግባር*

*ህዝባዊ ትካላት ካብ ሓደጋ ምክልኻል*

*ሰላማዊ ፖለቲካዊ ተሳትፎ*

***ቐንዲ መልእኽቲ***

*ፖለቲካ ናይ ኩልሻዕ ዘየቋርፅ ተሳትፎ ይጠልብ።*

## ክፋል ዓሰርተ: ፖለቲካ ኩዕሶ ፀወታ ኣይኮነን

ብዙሓት ሰባት ፖለቲካ ናይ ልሂቃን ስራሕ ከምዝኾነን ሓፋሽ ፀግዒ ሒዙ ክከታተልን ከጣቕዕን ጥራሕ ከም ዝኾነ ብፅሒቱ እዮም ዝኣምኑ። እዙይ ዓይነት ዝንቡዕ እምነት ብዙሕ ዋጋ ዘኽፍልን እንዳኽፈለና ዝመፀን እዩ። ፖለቲካነ ኮረንቲን ብሩሑቑ ብናይ እማን ኣይሰርሕን። ዓርስኻ ካብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ምርሓቕ መንነኛ ምኧን ማለት ኣይኮነን። ፖለቲካ ዕለታዊ ህይወትና ዝውሰነሉ መድረኽ እዩ ፤ ዝኾነ ሰብ ኣብ ናይ ባዕሉ ህይወት ጉዳይ መንነኛ ክኸውን ኣይኽእልን። ካልኦት ኣብ ናይ ባዕሉ ህይወት ኣትዮም ከም ድላዮም ዝፍትፍቱሉ ዕድል ጥራሕ እዩ ዘጣጥሕ።

ዜጋታት ካብ ፖለቲካ ዓርሶም ከርሕቑ ክውስኑ እንከለው:-

- ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ውሑዳት ይውህለል፤
- ትካላትን ትካላውነትን ይዳኸም፤

- ህዝቢ ዘይተሰተፈሉምን ዘይኣመነሉምን ውሳነታት ይውሰኑ፤
- ብስልጣን ምብዕላግ እንዳቐለለ ፤ ብግልባጡ ድማ መአረሚ መንገዱ እንዳኸበደ ይመፅእ።

ንቑሕ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ምግባር ማለት ናዕቢ ምልዕዓል ወይ ህውከትን ዕግርግርን ምፍጣር ማለት ኣይኮነን። ረብሓኻ ፣ መሰልካን ግቡእኻን ኣለሊኻ ብውነ ዝግበር ተሳትፎ ፣ ሓበራዊ ዲሲፕሊንን ቀፃልነት ዘለዎ ተገዳስነት/ትኹረት ምርግጋፅ ማለት እዩ ብሓፂሩ።

ሕድሕድ ናይ መረፃ እዋናት/መርሃ-ግብርታት ሓበራዊ ሓላፍነትና ንዋፅኣሎም መድረኻት እዮም። ወፂኻ ድምፅኻ ምሃብ ፣ መራሕቲ ምሕታት ፣ መብራህርሂታት ምጥላብ ፣ ብሰላማዊ መንገዲ ተወዲብካ ንረብሓኻ ምቅላስ ውዕለትኡ ነቲ መንግስቲ ኣይኮነን ፤ ንባዕልኻ እዩ። ማሕረሰባዊ ሓላፍነት እዩ ፤ ረብሕኡ እውን ነቲ ማሕበረሰብ ንባዕሉ እዩ።

ናፃነት ዜጋታት ብንቕሓት ኣብ ዝዋስኡሉ ፖለቲካዊ መድረኽ ጥራሕ እዩ ህይወት ዝዘርእ።

## መወከኢ ፅሑፋት


- Weber, M. (2015). Politics as a vocation (T. Waters & D. Waters, Trans.). Palgrave Macmillan. (Original work published 1919)
- Arendt, H. (1970). On violence. Harcourt Brace. (Original work published 1970)
- Dahl, R. A. (1989). Democracy and its critics. Yale University Press.
- Fukuyama, F. (2014). Political order and political decay: From the industrial revolution to the globalization of democracy. Farrar, Straus and Giroux.
- Call, C., & Cousens, E. M. (2008). Ending wars and building peace: International responses to war-torn societies. International Institute for Strategic Studies.
- Murithi, T. (Ed.). (2009). The African Union and peacebuilding in Africa. Ashgate.
- Paris, R. (2004). At war's end: Building peace after civil conflict. Cambridge University Press.
- Richmond, O. P., & Franks, J. (2009). Liberal peacebuilding and global governance: Beyond the local. Routledge.


©ኣኽሱማዊያን ሚዲያ